# ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ
# ብምኽንያት ዝኽሪ 50 ዓመት ህልቂት ኣስመራ
# (5ይ ክፋል)



ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ኣብ ቀዳማይ መድረኽ ግፍዒታት ጸላኢ (1967) ኣብ ብዙሓት ዓድታት ኣውራጃታት ባርካን ጋሽን፡ ሳሕል፡ ሰምሃር፡ ሰንሒትን ደብባዊ ኣከለጉዛይን ብዝተኻየደ ወፍሪ፡ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ዝተፈጸመ ጃምላዊ ቅትለት ተመልኪትና ነይርና።

ጎኒ ጎኒ'ዚ ኣብ ርሑቕ ዓድታት ዝፍጸም ዝነበረ ጃምላዊ ህልቂት፡ ኣብ ከተማታት እውን፡ 'ምስ ሰውራ ምትእስሳር ኣለዎም' ተባሂሎም ዝተጠርጠሩ ሰባት ይእሰሩን ይቕተሉን ነበሩ። በዚ ድማ ኣብ ኩለን ከተማታት ምዕራባዊን ምብራቓዊን መታሕት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ከረንን ኣስመራን፡ ስሩዓት ናይ ተ.ሓ.ኤ. ተባሂሎም ዝተጠርጠሩ ኣማኢት ሰባት ተኣስሩን ተቐትሉን። እቲ ናይ ከተማ ስርሒት፡ ካብቲ ናይ ገጠራት ፍሉይ ዝገብሮ፡ ብውልቂን ብምስጢርን ዝፍጸም ምንባሩ እዩ። በቲ ኣብ ከተማታት ዝተኻየደ ሰፊሕ ናይ ቅንጸላን ማእሰርቲን ዘመተ፡ ኣማኢት ስሩዓት ተ.ሓ.ኤ. ግዳያት ክኾኑ እንከለው፡ ናይ ተ.ሓ.ኤ. ንጥፈታት ኣብ ከተማታት ዳርጋ ናብ ደረጃ ምልማስ ክበጽሕ ክኢሉ ነይሩ። በዚ ቅትለትን ማእሰርቲን ክንደይ ዝኣኽሉ ዜጋታት ግዳይ ኮይኖም ብንጹር ዝፍለጥ የለን። ንመጽናዕቲ ዝግደፍ እዩ።

እዚ ኣብ 1967 ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ኤርትራ ዝተፈጸመ ጃምላዊ ህልቂትን ግፍዒታትን ዘኸተሎ ስደትን ምምዝባልን፡ ንህዝቢ ኤርትራ ኣዝዩ ዘሰንበደ ፍጻመ እዩ ነይሩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ኣባላት ፓርላማ ኢትዮጵያ ዝነበሩ 22 ኤርትራውያን፡ ናብ ሃጸይ ሃይለስላሴ ዘቕረብዎ ኣስማቶምን ክታሞምን ዘለዎ ጥርዓን፡ መእተዊ ጽሑፉ ከምዚ ይብል፦

*“ግርማዊ ጃንሆይ!. . . እዞም ኣስማትና ኣብ ታሕቲ ሰፊሩ ዘሎ፡ ወከልቲ ህዝቢ ጠቅላይ ግዝኣት ኤርትራ፡ ኣብ ልዕሊ ዚመረጸና ህዝቢ ወሪዱ ዘሎ ከቢድ ግፍዒን ሽግርን ናብ ግርማውነትኩም ከነመልክት ከለና፡ እቲ ጉዳይ ኣዝዩ ከቢድን ኣተሓሳሳብን ከም ምዃኑ መጠን ካብ ግርማውነትኩም መድሕን ተረኺብዎ፡ ኣብ ፍጻመ ከምዚበጽሓልና ሰብ ምሉእ ተስፋ ኢና።”*

እቲ ነዊሕ ጥርዓን፡ ወተሃደራት ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ እንተላይ ቆልዓ ሰበይቲን ጥሪትን ዝፈጸምዎ ግፍዒ፡ ብመደብ ዘዕነውዎ ኣባይቲን ንብረትን ብምግላጽ፡ እቲ ተግባር መግትኢ ክግበረሉን ሕጊ ክኽበርን ሰብኣዊ ክብረት ኤርትራውያን ክሕሎን ዝምሕጸን ነበረ። ደይ መደይ ኢልካ ስለዝተገብረ ግን፡ እቲ ዘቕረብዎ ጥርዓን ሰማዒ ክረክብ ዝሕሰብ ኣይነበረን።

እዚ ናይ 1967 ኣረሜናዊ ግፍዒ ኣብ ወጻኢ ንዝነብሩ ኤርትራውያን እውን ኣዝዩ ኣሻቒልዎምን ኣሰቢድዎምን እዩ። በዚ ድማ፡ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ እትፍጽሞ ዝነበረት ገበናት ኣብ ዓለም ንምቅላዕ ተበግሶ ክወስዱ እንከለው፡ እዚ ተበግሶ’ዚ ጸኒሑ ንፖለቲካዊ ምትእኽኻባት ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ ደረኸ።

ኣብዚ ክይተጠቕሰ ክስገር ዘይብሉ፡ ጦርሰራዊትን ኮማንድስን ዓድታት እናንደዱ ጃምላዊ ህልቂት ኣብ ዝፍጽምሉ ዝነበሩ እዋን፡ ተ.ሓ.ኤ. ብሰንኪ ዘይብቑዕ መሪሕነት፡ ጉድለት ስትራተጂን ድኹም ኣወዳድባን ነቲ ህዝቢ ካብዚ ሓደጋ’ዚ ክትከላኸለሉ ኮነ ነቲ ናብ ስደት ዘምርሐ ዝነበረ ህዝቢ ንምሕጋዝ ዝኾነ ስጉምቲ ክትወስድ ዘይምኽኣላ፡ ንውሽጣዊ ድኽመት ናይቲ ውድብ ኣጉሊሑ ዘርኣየ እዩ ነይሩ።

ናይ 1967 መጥቃዕቲ ኢትዮጵያ፡ ነቲ ብዓቕሚ ሰብን ናይ ምውጋእ ዓቕሚን እናሓየለ ዝመጽእ ዝነበረ ሰውራ ኤርትራ ብዙሕ ጎዲእዎ እዩ። ጎኒ ጎኒ’ቲ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ዝፍጸም ዝነበረ ጃምላዊ ህልቂት ኣብ ልዕሊ ተጋደልቲ ብዝፍጸም ዝነበረ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ፡ ሳልሰይቲን ሓሙሽይቲን ክፍሊ ተ.ሓ.ኤ. ካብ ዝንቀሳቐሳሉ ዝነበራ ከባቢታት ሰራየን ሓማሴንን ተጸሪገን፡ ናብ ባርካን ሰንሒት ብምውራድ፡ ኣብ ቦታ ቀዳመይቲን ካልኣይቲን ክፍልታት ክዕቆባ ተገዲደን ነበራ።

እዚ ኩነታት’ዚ ተጋዳላይ ክጻወሮ ዝኽእል ኣይነበረን። እቲ ምእንቲ ናጽነት ሃገሩ ኪስዋእ ንሜዳ ዝወጸ ንጹህ ሃገራዊ ተቓላሳይ ‘ስለምንታይ’ዩ እዚ ኹሉ

ህዝቢ እናሃለቐ ምእንትኡ ብረት ዝዓጠቐ ተጋዳላይ ክከላኸለሉ ዘይክኣለ' ዝብል ሕቶ ኣልዓለ። እቲ ኩነታት ድማ ንንቕሓት ተጋደልቲን ህዝብን ክብ ኣቢሉ ንመሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ዝያዳ ዝብድህ መርገጺታት ኣማዕበለ። ድኻምን ጎደጎደልን ኣሰራርሓ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ከም ጸሓይ ቀትሪ ንኹሉ ደሚቑ ተራእዩ። በቲ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ሒዝዎ ዝነበረ መስመር፡ ሰውራ ክዕወት ከምዘይክእል ብምግምጋም ከኣ ተጋደልቲ ተቓውሞታቶም ኣንጻር መሪሕነት ኣበራትዑ። ድሕሪ'ዚ ኩነታት'ዚ እቲ ሰውራ ኣብ ሓያል ውሽጣዊ ናይ ምእራም ቃልሲ ተጸምደ።

## ካልኣይ መድረኽ (1970 -1973)

ካብ 1968-1970 ዝነበረ ሰለስተ ዓመታት፡ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ከቢድ ውሽጣዊ ቅልውላው ዝተሸመመሉ፡ መሰረታውያን ተጋደልቲ ዘልዓልዎ ናይ ምእራም ምንቅስቓስ ሓይሊ ዝድለበሉ ናይ ለውጢ እዋን ነበረ። ከም ውጽኢት ናይቲ ምንቅስቓስ፡ ፈለማ ኣብ ክፍልታት ተመቓቒለን ዝነጥፋ ዝነበራ ኣሃዱታት ሰውራ ብጸቕጢ ናይ መሰረታውያን ተጋደልቲ ናብ ስምረት ከምርሓ እንከለዋ፡ ስዒቡ እውን ንህዝባዊ ሓይልታት ዘቘሙ ተጋደልቲ ካብ ጀብሃ ተፈልዮም ብመሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ከምዘይቅየዱ ዘፍለጥሉ፡ ምውላድ ህዝባዊ ሓይልታት ዘኸተለ ፖለቲካዊ ምዕባለታት ዝተኸስተሉ መድረኽ ነበረ።

ኣብዚ መድረኽ'ዚ፡ ጎኒ ጎኒ'ቲ ናይ ምእራም ምንቅስቓስ፡ ኣገዳሲ ወተሃደራዊ ስርሒታት እውን ይካየድ ነበረ። ተጋደልቲ፡ ካብተን ሓሙሽተ ክፍልታት ተ.ሓ.ኤ. ፈለማ ነተን ሰለስተ (ሳልሳይቲ፡ ራብዐይቲ፡ ሓሙሽይቲን ክፍልታት) ብምውህሃድ፡ ኣብ መስከረም 1968 ስሙር ሓይሊ ድሕሪ ምቛሞም፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ እዚ ንሰውራ ኤርትራ ናብ ሓድሽ መድረኽ ከሰጋግሮ ዝኽእል ምዕባለ ኣቃሊሉ ኣየረኣዮን። በዚ ድማ፡ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣንጻር ስሙር ሓይሊ፡ ሰፊሕ ወፍሪ ኣበገሰ። እቶም፡ ብ1967 ህዝቦም እናሃለቐ ብሰንኪ ዘይብቑዕ መሪሕነት ክከላኸልሉ ዘይክኣሉ ተጋደልቲ፡ በቲ ዝተወሰደ ናይ ስምረት ስጉምቲ ሓድነቶም ተሪሩ፡ ሞራሎም ክብ ኢሉ ስለዝነበረ፡ ንሰራዊት ኢትዮጵያ ብጽንዓት መኪቶም፡ ጸፊዖም መለስዎ። ኣብቲ ዓመት'ቲ ስሙር ሓይሊ፡ ነፋሪት ውግእ ኣብ ርእሲ ምውዳቑ፡ ሓንቲ ፍልይቲ ናይ ኮማንዶ ኣሃዱ

ብምኽንያት እውን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ትካላትን ነቑጣታትን ጸላኢ ዕውት መጥቃዕቲታት ኣካየደ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ መጀመርታ 70ታት፡ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ እትፍጽሞ ዝነበረት ጃምላዊ ቅትለትን ግፍዒታትን ኣብ ዓለም ምቕላዕን ናይ ስቓታ ሓጹር ምስባርን ዝዕላማኡ ፍሉይ ስርሒታት ንምክያድ ናብ ወጻኢ ሃገራት ዝተላእኩ ተጋደልቲ፡ ኣብ ዓደን ፍራንክፈርትን ካራቺን፡ ንነፈርቲ መገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ዒላማ ዝገበረ ስርሒታት ፈጸሙ። ኣብ ወርሒ ሕዳር 1970 ከኣ፡ ኣብ ከባቢ ሓጋዝ ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ. ባቡራት ምድሪ ኣቃጺለን ኣጽድፋ። ደድሕሪ'ዚ ፍጻመታት'ዚ፡ ሓንቲ ኣሃዱ ናይ ተ.ሓ.ኤ. ኣብ መገዲ ከረን ኣስመራ፡ ኣብ ባልዋ ኣድብያ ብምጽናሕ፡ ንኣዛዚ 2ይ ክፍለ-ጦር ጀነራል ተሾመ እርገቱ ዝነበሮ ቃፍላይ ኣጥቂዓ፡ ነቲ ጀነራል ቀተለቶ።

እዚ ፍጻመታት'ዚ ክዕበጥ ዝኽእል ኣይነበረን። ብማዕከናት ዜና ዓለም ድማ ብሰፊሑ ተቓልሐ። እቲ ኣብ ኤርትራ ሰላም ከምዘሎን ዝኾነ ጸገም ከምዘየሎን ኣምሲሉ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክዓብጥ ዝፍትን ዝነበረ ስርዓት ሃይለስላሰ ተቓሊዑ፡ ኣብ ኤርትራ ሽግር ከምዘሎ ብጋህዲ ክዛረብ ተገደደ። ግዚፍ ወተሃደራዊ ሓይሊ ኣውፈሩ፡ ንሓይልታት ሰውራ ብምጥቃዕን ንህዝቢ ብምጭፍጫፍን ክገጥሞ ድማ ተበገሰ። ኣብ መወዳእታ 1970 ከኣ፡ ኣብ ኤርትራ ናይ እዋን ሓደጋ ድንጋገ ብምእዋጅ፡ ኣብ ከተማታት ምዕራባዊ መታሕት ክሳብ ከረን፡ ነቲ ካብ 60ታት ጀሚሩ ብግብሪ ዝፍጸም ዝነበረ ኩነተ ህጹጽ-እዋንን (state of emergency)፡ ሰዓታት እቶ-እቶን ሕጋውነት ኣልቢሱ፡ ኣብ ዕለታዊ ህይወት ህዝቢ ጸቕጢ ኣብ ርእሲ ምፍጣሩ፡ 'ተጋደልቲ ከዕቊባ ይኽእላ እየን' ዝበለን ዓድታት፡ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ኣብ ዝሰፍርዎ ከባቢ ክጥርነፋ፡ ዘይተጠርነፋ ድማ ተቓጺለን ክድምሰሳ ወሰነ። ምጥርናፍ ዓድታት (Strategic hamlets) ኣብ 1962 ዝተኣወጀ እዩ። ብተግባር፡ ብሓይሊን ኣስገዳድን ዝተፈጸመሉ ግን ፈለማ ኣብ 1967 ኮይኑ፡ ካብ 1970 — 1971 ኣብ ዝነበረ ግዜ ድማ ተደግመ።

ቅትለት ኣዛዚ 2ይ ክፍለጦር ዝነበረ ጀነራል ተሾሞ እርገቱ ንሃጸይ ሃይለስላሰ ኣዝዩ ዘሰንበደ ፍጻመ ነበረ። ወተሃደራት ደርግ ሕነ ቅትለት ኣዛዚኦም ንምፍዳይ፡ ሽዑ ንሽዑ ካብ ተቐማጠ ዓድታት ርጅባ፡ ዋራ፡ እንገይታ፡ ዓንቀር፡ ሃብረንገቓ ዝኣከብዎም 115 ዜጋታት ብብሬን ረሽሪሾም ቀተልዎም። ነቲ ኣብ

መወዳእታ 1970 ዝወጸ ድንጋገ እዋን ሓደጋ መሰረት ብምግባር፡ ምጥርናፍ ዓዲታት ብሓይሊን ምስግዳድን ንምትግባር ከኣ፡ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ናብ ዝተፈላለያ ዓድታት ኣውራጃ ሰንሒትን ሰምሃርን እናወፈሩ ህዝቢ ሰንቢዱ ዓድታቱ ገዲፉ ናብ ከተማታት ምእንቲ ክኣቱን ክስደድን ብዙሕ ግፍዒታት ክፍጽሙ ተራእዩ።

ብመሰረት ኣዋጅ ምጥርናፍ ዓድታት፡ ሓንቲ ካብተን መጠርነፊት ንኣሽቱ ዓድታት ክትከውን ዝተመርጸት ቦታ፡ ዖና ነበረት። ካብተን ግፍዒ ዝወረደን ዓድታት ናይቲ ከባቢ ዝመጸ ህዝቢ ድማ ኣብኣ ተዓቚቡ ነበረ። እታ ዓዲ ብሰብ ምስ ኣዕለቕለቐት፡ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ፈለማ፡ ብደብዳብ መዳፍዕ ነቲ ህዝቢ ድሕሪ ምጭናቕ፡ ህዝቢ ኣብ ዝኣትዎ ጠፊእዎ ዕግርግር እናበለ እንከሎ መጺኦም ኣኸበብዎ። ነታ ዓዲ ብኹሉ መኣዝን ስለዘኸበብዋ መህደሚ ኣይነበረን። ኪሃድም ዝፈተነ ከኣ ብጥይት እናመንጠሉን ብሳንጃ እናተቐበሉን ተሳሃልዎ። ኣብ ኣባይቱ ዝተዓቚበ ድማ ምስ ገዝኡ ኣቃጸልዎ። በዚ ዘስካሕክሕ ቅትለት 750 ዜጋታት ሃለቑ።

ብዘይካ'ዚ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ኣብ ገለብ 101 ዜጋታት ብኣሰቃቒ ኣገባብ ክቐትሉ እንከለው፡ ናብ ዓጀርበብ፡ ፉፍዳ፡ ስንቃ፡ ፍለዳርብ፡ ሓንቶል፡ ሙሻዓይግ ብምንቅስቓስ እውን ብኣማኢት ዝቑጸር ህዝቢ ቀቲሎም፡ ንብረት ናይተን ዓድታት ዘረፎምን ዓንዮምን ብዙሕ ኣባይቲ ኣቃጸሉ። ኣብ በሲክደራ፡ ነቲ ዓዲ ብሓዊ ድሕሪ ምቅጻል፡ ንህዝቢ ኣብ መስጊድ ኣኪቦም ብጠያይቲ ረሽሪሾም ብሓንሳብ 127 ሰባት ቀተሉ። ሬሳ ኣብ ልዕሊ ሬሳ ተጸፍጺፉ፡ ኣደታቶም ከምዝሞታ ዘይፈለጡ ህጻናት፡ ጡብ ኣደታቶም ክጠብዉ ዝተራእይሉ ኣዝዩ ኣሰቃቒ ፍጻመ ነበረ። ብዘይካ'ዚ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ኣብቲ ከባቢ ኣብ ዝርከባ ዓድታት ፋና፡ ሽፍሽፊት፡ መጋርሕ ብምንቅስቓስ፡ ንገለ ዜጋታት ብገመድ እናሓነቑ፡ ንገለ ኣሲሮም ብጸድፊ እናደርበዩ፡ ብሳንጃ ካራን እናጎይሑ ቆልዓ-ሰበይቲን ኣረጋውያንን ብዘይፈሊ ኣገባብ ብዙሓት ሰላማውያን ሰባት ኣህለቑ። ኣብ ሮራ ቤት ገብሩ፡ ነቶም ደቂ ዓዲ፡ 'ሓድሽ እትሰፍርሉ ቦታ ከነርእየኩም ኢና' ብምባል ናብ መደካ ዝተባህለት ቁሸት ወሲዶም፡ 70 ሰባት ብሓንሳብ ብብሬናት ረሽረሽዎም።

ኣብዚ ዝተጠቕሰ እዋን ኣብ ከረን "እንዳ ላልማባ" ተባሂሉ ኣብ ዚፍለጥ መዕቈቢ ዘኽታማት ዝሰርሑ ዝነበሩ ክልተ ገበርቲ ሰናይ ሓካይም ኣመሪካውያን

ማርቲን ሃግን “ON HEART’s EDGE” ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ ዝጸሓፋዋ መጽሓፍ፡ ዓራውቲን ኮረድዮታትን ናይታ ዝሰርሑላ ዝነበሩ ንእሽቶ ክሊኒክ፡ ሰብ መካይን ካብ ያና ጸጽዒኖም ብዘምጽእዎም ብደም ዝተጨማለቑ፡ ከቢድ መውጋእቲ ዝነበሮም፡ ቁሱላት ቆልዑን ኣንስቲን ሽማግለታትን ምስ ኣዕለቕለቐት ዝተሰምዖም ከቢድ ስንባደን ጓሂን ብዝርዝር ድሕሪ ምግላጽ፡ ናብ ያና ኪረድኡ ኢሎም ምስ ከዱ ዝርኣይዎ ምርኢት ብኸምዚ ዝስዕብ ቃላት ገሊጾሞ፦

*“ሂዩን ስዩምን ካብቶም ዘኽታማት ቆልዑ ኣኻኺቦም፡ ነቶም ምውታት ንምቕባር ብመኪና ያና ኣተው . . .እታ ዓዲ ፍጹም ዓንያ እያ። ካብቲ ፈኸም ዝብል ዝነበረ ዝዓነወ ኣባይቲ ዝተክኽ ዝነበረ ትኪ ምስ ሽታ ናይቲ ዝመሽመሽ ኣካላት ሰብ ተሓዋዊሱ ፍሉይ ሰርሳሪ ጨና ነበሮ። ካብ 300 ክሳብ 500 ዝኸውን ሬሳታት ፈቐዶኡ ዛሕ-ዛሕ ኢሉ ነበረ። ፈቒድካ ልክዕ ቁጽሮም ንምርግጋጽ ግዜ ኣይነበረን። ወተሃደራት ኢትዮጵያ፡ ንዝረኸብዎም ሰባት፡ ብፍርሂ ኣብ ገዝኦም ተኹርምዮም ዝጸንሑዎም ይኹን ዝሃድሙ ዝነበሩ ንኹሎም እዮም ቀቲሎሞም. . .።”*